# ቃልሲ፡ ቃልሲ ቀደምና

*ብዶ/ር በረኸት ፈዳይ*

ከምዚ ሕጂ ኩነታት ዘፍ ኢሉ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሒዶት ሳምንቲ ዝተኸስተ፡ ብግዳማውያን ሰብ ረብሓ ዝተመወለ፡ ቅልውላው ኣሳዊርካን ኣንበድቢድካን ናይ ወረ ዕልዋ መንግስቲ ያኢ ንምክያድ ዝተራእየ ተብተብ፡ ብኣንጻሩ እቲ ዓቃል መንግስቲ ኤርትራ ኣንፈቱ ከይሰሓተ ኣብ ሃገርና ከም ወትሩ ሰላምን ቅሳነትን ኣርጊኡ ብህድኣት ክምክት ምርኣይ፡ በቲ ሓደ ወገን፡ ኣብ ስደት ዝርከብ ኤርትራዊ ዜጋ ድማ ነቲ ንዝርገት ዘንቀደ ዘመን ዘምጽአ ብሶሻል ሜዲያ ዝፍለጥ ቴክኖሎጂ ተጠቂምካ ዝተኻየደ ናይ ሽርሒ መደብ፡ መንእሰያትና ኣብ ቴክኖሎጂ ንቕሓቶም ብኣግኡ ስለዘማዕበሉ ማዕረ-ማዕረ ምስቶም ምስሊ ኤርትራ ንምድዋንን ሰላማ ንምዝረግን ንእከይ ዝተበገሱ ከዳዓት ብምስጓም ነቲ ኩነታት ናብ ረብሕኦም ለዊጦም ብትብዓት ክምክቱ ምርኣይ ድማ በቲ ካልእ፡ ንድሕሪት ተመሊስካ ሕጂ ክትዝክሮ ከሎኻ፡ እዛ ሃገር ገለ ኣለዋ ናብ ዘብል ንክብርታትካ ሰማይ ዘዕርግ፡ ንመንነትካ ከኣ ሓበን ዘልብስ ስምዒት እዩ ዘሕድረልካ።

እቲ ምንታይ፡ ኤርትራ ከም ሃገር ካብ ትፍጠር ኣብ ቀጻሊ ናይ ህለዌ ቃልሲ ተጸሚዳ፡ ኣብ ናይ ሓቂ ሓዊ እንዳተሳሕለት ከም ወርቂ እንዳተኾለዐት ትስውድ ኣብ ዘላትሉ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ፡ ብናይ ሓሶት ትኪ ከምዘይትንድም ዝያዳ እንዳኣመስከረት፡ ህዝባ ሓድነቱ ኣትሪሩ፡ ልዑላውነቱ ዓቂቡ፡ ርእሰ-ተኣማንነቱ ኣተርኒዑ ንቕድሚት ዝምርሽሉ ዘሎ መድረኽ ዝኣተወትሉ፡ ብኣንጻሩ ናይ ታሪኽ ተጻባእትና ሽርሖም ዝያዳ እንዳተጋህደን ናይ ኣደባባይ ምስጢር እንዳኾነን ምምጽኡ ጭንቀቶም ሰማይ ክዓርግ ምርኣይ፡ ኤርትራውያን ዳግማይ ቅያ ናይ ታሪኽ ይፍጽሙ ብምህላዎም ዘሕደረለይ ኣድናቆት ንምግላጽ እየ ነዛ ጽሑፍ ኣበጊሰያ ዘለኹ።
ስለምንታይ እዩ ግን ኤርትራ ኣብ ዓይኒ ሓሳዳት ወዲቓ ዘላ? ቀንዲ ጸላእቲ ኤርትራኸ መን እዮም? ዝብሉ ገለ ካብቶም ንሃብደበተይ ዘለዓዓሉ ሕቶታት ተሞርኪሰ ከኣ ርእይቶይ ክህብ ተደፋፊአ ኣለኹ።

*ስለምንታይ ኤርትራ ኣብ ዓይኒ ሓሳዳት ወዲቓ?*

እዚ ሕቶ'ዚ ኣብ ዝተፈላልዩ ኣዳጣሚታት ብመንግስቲ ኤርትራ መግለጺ ዝተዋህበሉን፡ ብዙሓት ለባማት ሃገራውያን'ውን ዓሚቕ ትንታኔ ዝሃብሉን ጉዳይ ስለዝኾነ፡ ሕጂ ሓድሽ ሓሳባት ክህበሉ ኣይኮንኩን። ነቲ ዝተባህለ ዝድርዕን ዘርጉድን ደገፍ ንምቕራብ እንተዘይኮይኑ።
ኤርትራ ፍሉይነታ ዘነጸረት፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብዓይነቱን ጽፈት ወዳቤኡን ብርቅን ድንቅን ዝኾነ፡ ብናይ ዝኾነ ርእሰ-ሓያላን ደገፍ ዘይተኾስኮሰ እኺ ድኣ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚታት ንጥፍኣታ ዝዓጠቑ፡ ብመሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዝተናውሐ ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ገዛእ ማእገራ ተሞርኪሳ ናጻ-ናጽነት ዘበሰረት ፊተውራሪት ሃገረ ኣፍሪቃ ከም ምዃና መጠን፡ ሎሚ ንኤርትራ ኣዒንቲ ብዙሓት ዓብለልቲ ሓይልታት ስሒቡ፡ ኣብ ትሕቲ ፍሉይ ናይ ራዳር ትዕዝብቲ ኣንቢርዋ ይርከብ።
ከም ዝፍለጥ፡ ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ኣብ ከርሳ ጸይራቶ ዘላ ባህሪያዊ ጸጋታት ንብረት ዋናታቱ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ሎሚ ኣፍሪቃውያን፡ ወነንቲ ናጻ ፖለቲካዊ ሕርያኦም ኮይኖም ሃብታማትን ምዕቡላትን፡ ኣህዛብ ዓለምና ድማ ናብ ኣፍሪቃ ገጾም ምስተሰዱ ይመስለኒ። እቲ ጋህዲ ግን ከምኡ

ዘይኮነስ ብግልባጡ እዩ ዘሎ። እዚ ሕጂ ኣፍሪቃ ኣትያቶ ዘላ ዓዘቕቲ ህዝባ ኣብ ሻውላት ብድሕረትን፣ብልሸውናን ኣብ ሕድሕዳዊ ዓሌታዊ ጎነጻት ተሓሚሱ ዝተረፈ ፡ ናይ ኣጋጣሚ ትዕድልቲ ዘይኮነስ፡ ምዕራባውያን ምእንቲ ጸጋታትና ክግሕጡ ብፍላጥ ኣብ ነዊሕ ዓመታት ዝሃንደስዎ እከይ ውዲት ኮይኑ " ኣህዛብ ኣፍሪቃ ናይ ምሕደራን ስርዓትን ብቕዓቶም ጌና ስለዘይማዕበለ ሓገዝና ንዘልኣለም ክፍለዮም የብሉን" እንዳበሉ ንመራሕቲ ኣፍሪቃ ብብልሸውና ኣስዲያም ስለዘንበርከኹ ዝተኸስተ ሕማቕ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ምዃኑ እዩ ታሪኽ ዝምህረና። እቲ ዘሕዝን ምዕራባውያን ኣብ 1884 ብጉባኤ በርሊን ዝፍለጥ ንኣፍሪቃ ክማስሕዋ ዝተኣትወ ውዲት ዘስዓቦ ድሕረት ከይኣክል ሎሚ ድሕሪ ልዕሊ ሚእቲ ዓመት ዳግማይ ኣብ ብሩስለስ ርእሰ-ከተማ በልጅም ሓድሽ ቅዲ መግዛእትነት ሓንጺጾም ንኣፍሪቃ ክገዝዝይዋ ብሰንኩ ሃገራት ክበታተናን ክዓንዋን ምርኣይ፡ ሕስረት መራሕታ ዘጉልሕ ናይ ዘመና ፍጻሜ እዩ።
ናይዚ ሓደ ቀሊል መረዳእታ ዝኾነና፡ ኣብዚ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ ጉባኤ፡ ንህዝባዊ ርክባት ሃልኪ እንተዘይኮይኑ፡ ዝኾነ ዓቕሚ ይኹን ብቕዓት ከምዘይውንኑ ዘመስከሩሉ፡ ካልእ ይትረፍ፡ ነቲ ከም ኣውሓስቲ ኮይኖም ዝፈረሙሉ፡ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ፍጽሚ ጥራሕ ዝጽበ ዘሎ ውዕል እኳ ከተግብሩ ፖለቲካዊ ትብዓት ከጥርዩ ዘይምኽኣሎም ሓደ መርኣያ ናቱ እዩ። መራሕቲ ኣፍሪቃ ረብሓ ምዕራባውያን ጎይተቶም ከሳስዩ እምበር ኣፍሪቃዊ ፍትሓዊ ብይን ክህቡ ኣይተጋብኡን። ምኽንያቱ ኣኼባኦም ኣብ ከተማ ብሩስለስ ዝተወጠነ መምርሒ ጥራሕ ከተግብሩ ስለዝእዝዙ።
ህዝቢ ኣፍሪቃ (መራሕቱ ገዲፍካ) ብሓባር ኣብ ሓደ መጋባእያ ድምጹ ዝህበሉ መስርሕ ነይሩ እንተዝኸውን እንታይኮን ምስበለ? ዝብል ሕቶ ይቕጀለካ'ሞ፡ ነቶም ጽሩይ ማይ ከይሰቲ፣ ኣብ ዝሰፍሐ ገጠራት ይኹን ከተማታት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንከይረክብ ዝፈረድዎ፣ ዝርጋሐ ቤት ትምህርትታ ከይህሉ ዝሓረምዎ....ኮታ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከይረኽበ፡ ብስሙ ካብ ካዝና ህዝቢ ብቢልዮናት ዶላራት ገንዘብ መንዚዖም ኣብ ብልሸውና ዝተቕማጥዑ፡ ንሃገሮም የሕሊፎም ዝሸጡን፡ ኣደዳ ዓሌታዊ ወቕዒ ዝገብርዎን ዝጠለምዎም ዕሱባት መራሕቱ፡ ክንደይ ኮን ሕነ ምስ ኣውጽአ ኢልካ ድማ ትሓስብ። እወ! ኩሉ ኣፍሪቃዊ ድምጹ ብሓባር ከስምዕ ዝከኣል ነይሩ እንተዝኸውን.... ከም መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ኣብ ቃልሲ ጸይርዎ ዝመጸ ሰፊሕ ህዝቡ መብጽዓ ከይሰበረ ንዝተሃሞሹ ዜጋታቱ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ጽሩይ ማይ ክሰትዩ ዝገበረ፣ ከምቲ ናይ ቀትሪ ጸሓይ ናብ ናይ ለይቲ ብርሃን ቀይሩ ብርሃን ዘፍሰሰ፣ ከምቲ ጥዕና ዜጋታቱ ንምሕላዉ ኣብ ኩሉ ገጠራት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝዘርግሐን መጠነ ሞት ኣደታት ኣብ ጊዜ ሕርሲ ብምጉዳልን፡ ዓሶ ብምቁጽጻርን ክብረ-ወሰን ኣፍሪቃ ዝሰበረ፣ ከምቲ ኣብ መጎዓዝያ ካብን ናብን ብገዛእ ማእገሩን ድሩት ጸጋታቱን ጽርግያታት ዝሰርሐ፡ ኮታ ከም ኣፍሪቃዊ መጠን ርእሰ-ምርኮሳ እምነ-ኩርናዕ ፖሊሲኡ ዝገበረ፡ ከም መንግስቲ ኤርትራ ይፍጠረልና እንዳበሉ ክምህለሉ ተራእዩኒ። እዚ ህዝባዊ ዊንታ ድማ እዩ እምበኣር ሓደ ካብቲ ራዳር ናይ ግዳማውያን ሰብ ረብሓ ሃንደበት ዝሰሓበን ዘሻቕለን ጉዳይ። ኤርትራ ስሕበት ኣፍሪቃዊ ባህጊ እንዳኾነት ትመጽእ ብምህላዋ'።

ስለዝኾነ ኤርትራ ከም ስግኣት ተቖጺራ ኣብ ልዕሊኣ ብዓይነቱ ኣብ ኣፍሪቃ መዳርግቲ ኣልቦ ዝኾነ እዉጅን ዘይእዉጅን እገዳን፡ ዝተራቐቑ ውዲታትን ተበይንዋ።
እዛ ከም በዓል ሉቡምባን ንኩሩማን ነሬረን ዝኣመሰሉ ብሉጻት መራሕታ ተበጊሱ ዝተኾልፈ ኣፍሪቃዊ ክብሪ ኣብ ምብርባር ፊተውራሪት ኮይና ዘላ ሃገረ ኤርትራ ብሰንኪ ናይዚ ኩሉ ረመጽ፡ ናብቲ ክትበጽሖ እትደልዮ ምዕባሌ ኣብቲ ዝደለየቶ እዋን ክትበጽሕ ዕድል ኣይረከበትን ዘላ።
ስለዝኾነ ድማ እዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ቃልሲ፡ ቃልሲ ቀደሙ፡ መኸትኡ ብዓይነትን ርቀትን ውዲታት ተጻባእቱ ከይተሃመለ፡ ምስ ጊዜ እንዳተራቐቕን እንዳተሳሕለን ዝምዕብል ዘሎ። ክቡር መስዋእቲ ከፊሉ ሃገር ኣውሒሱ። ኣብ ዳግመ-ህንጸት ሃገሩ ረሃጹ እንዳንጠብጠበ ውሕስነት ምግቢ ኣብ ምርግጋጽን ቁጠባ ሃገር ኣብ ምብርባርን ተጸሚዱ ይርከብ ድማ ኣሎ። ብመጠን ናይዚ

ዝኸፍሎ ዘሎ ክቡር ዋጋ ድማ፡ ክብሪ ሃገሩ ከበርኽ ግድን ይኸውን። ታሪኽ ሃገራት ላቲን ኣሜሪካን ርሑቕ ምብራቕን ነዚ ሓቂ እዩ ዝምህረና። ካብተን ካብ ሱሳታት ጀሚርካ ክሳብ ተስዓታታ ግዳይ ናይ ምዕራባውያን መስፋሕፍሒ ስነ-ሓሳብ ዝነበራ ሃገራት፡ እተን ስነን ነኺሰን ንመሰል ርእሰ ውሳኔአን ዝተቓለሳን ዝመከታን ሃገራት ሎሚ ወነንቲ ናጻ መስመረን እንዳኾና ፡ ብቑጠባ እንዳማዕበላ እየን ዝመጻ ዘለዋ። ስለዝኾነ ኣብዚ መሰጋገሪ ናይ ፈተነ እዋን ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዋጋ ክኸፍል ግድን ይገብሮ። ኤርትራ ልዑላዊ መሬታ ንምውሓስ መንእሰያታ ኣብ ተጠንቀቕ ከተጽንሕ ተገዲዳ ኣላ። መንእሰያት ኣብ ዘይንቡር ኩነተ-መነባብሮ፡ ጉዳይ ሃገር ዓዚዝዎም ዕድመ ንእስነቶም ብምስዋእ፡ ናይ ኣቦታቶምን/ኣዴታቶምን ኣያታቶምን ሕድሪ ቀለቤት ጾይሮም ይሓልፉ ኣለዉ። እዚ ናይ ሓደራ መለጋግቦ መድረኽ ኣብ ልዕሊ መንእሰያትና ጸቕጢ ክፈጥር ባህሪያዊ እዩ። ዘይተኣደነ ፊናንሳውን ስነ-ኣእሙሮኣውን ኹናት ተጻባእቲ ዝፈሰሶ ጉዳይ ስለዝኾነ ድማ ገለ መንእሰያት ናብ ስግረ-ዶብ ከምርሑ ተደፋፊኦም ይርከቡ። ኣሽንኳይዶ ኤርትራዊ፡ ዘይኤርትራዊ ዜጋ ከይተረፈ ሓለፋ ምእንቲ ክግበረሉ ንነብሱ ኤርትራዊ መንነት ኣልቢሱ ዝስደደሉ ዘሎ መድረኽ መርኣያ ናይቲ ብፍላጥ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ጥራሕ ዝቐንዐ ውዲት ምዃኑ ዝምስክር ጭብጢ እዩ።

ስለዝኾነ፡ ነዚ ቁጠባዊ ጸቕጢ ዝፈጠሮ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ መፍትሒ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ቁጠባዊ ወፍሪ እዩ። ብምሉእ ናህሪ፡ ቀዳምነታትካ ሰሪዕካ መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመታት ብዕቱብነት ህዝብን ሰራዊትን መንግስትን ብዲሲፕሊን ተሃኒጹ ስለዝሰርሐ፡ ሎሚ ፍረ ጻምኡ ዝረኽበሉ ወጋሕታ ብርሃን ገጹ በጺሑ ይርከብ ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ስደት እንርከብ ዜጋታት ኣብ ሃገርና ወፍሪ ከነካይድ ፍሉይ ቆላሕታን ባይታን ምፍጣሩ ንባዕሉ ፍሉይነት ፖሊሲ መንግስትና ኣብቲ ኣብ ገዛእ ማእገርካ ምምርኳስ ዘጉልሕ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ዜጋ ክሳተፎን ኣብ ምዕባሌ ሃገር ዝህልዎ ደራኺ ተራ ወሳኒ ምዃኑ ክፍለጥን ይግባእ። መዛግብቲ ናይ ስነ-ቁጠባ ተመራመርቲ ከምዝሕብሮ፡ ቁጠባዊ ምዕባሌ ኤርትራ ሓደ ካብተን ኣብ ዓለምና ብናህሪ ዝዓቢ ዘሎ ምዃኑ እዮም ዘተንብሁ። ኤርትራ ኣብ ዝስዕቡ ዓመታት ዓመታዊ ካብ 7% ክሳብ 13% ቁጠባዊ ዕቤት እንዳኣመዝገበት ክትዓቢ ተኽእሎ ዘለዋ ሃገር ማኳ ይእምቱ ኣለዉ። ኤርትራ ኣብ ዓይኒ ሓሳዳት ዘእተወ ካልእ ምኽንያት እምበኣር ድሕሪ'ዚ ኩሉ ውዲታት ኤርትራ ብዘይ ዝኾነ ግዳማዊ ሓገዝ ብናይ ገዝእ ዓቕማ ቁጠባዊ ዕቤታ ከተውሕስ ምብቅዓ ዘሕደሮ ስግኣት እዩ። ነቲ ኣብ ራዳሮም ዝቃላሕ ዘሎ ድምጺ ንምጉዳል ድማ እዩ ሃንደበትና ንምዝራግ ዘይተኣደነ ነውርታት ክኣልሙ ዝስምዑ ዘለዉ። እዚ እቲ ካልእ ናይ ተጻባእትና ራዳር ሓያል ድምጺ-ሹሽታ ወሲኹ ዝርብሽ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ኤርትራ ፡ እታ እንኮ ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ ብዘይ ዝኾነ ረዲኤትን ሓገዝን ምምሕዳር ኣሜሪካ ርእሳ ኪኢላ እትነብር ሕብንቲ ሃገር ብምዃና ( እዚ መዛግብቲ ምምሕዳር ኣሜሪካ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ) ንባዕሉ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ ስለዘለዎ ንምሕዳር ዋሽንግቶን ሽቕሎት ፈጢሩ ኣሎ። ምኽንያቱ ኣብ ኣፍሪቃ ሃገራት ባዕለን ንባዕለን ብዘይ ረዲኤት ክነብራ ኣይክእላን እየን እንዳበሉ ክሰብኩና ስለዝጸንሑ። ስለዚ ኣብ ኣፍሪቃ ናጻ ፖለቲካዊ መርገጽ ገበን እዩ። ብዓይኒ ግዳማውያን ሰብ-ረብሓ ፡ ኣፍሪቃ ናጻ ናጽነት ክህልዋ የብሉን ዝብል መርገጽ እዩ ዘለዎም። ስለዝኾነ፡ ኤርትራ ግዳይ ናይ ናጻ ፖለቲካዊ ሕርያኣ ኮይና ኣላ። ስለዚ ዝኾነ ክፉትን ሓራን ሓንጎል ዝውንን ኣፍሪቃዊ ዜጋ ፡ ነዛ ናይ ምዕራብውያን እማመ ዝድግፍ ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን። ብዘይካ'ቶም ብፍላጥ ንህዝቦም የሕሊፎም ዝሃቡ ዕሱባት መራሕትን፡ ናይ ስልጣን ህርፋን ዘለዎም ሃሱሳትን ገዲፍካ። ስለዝኾነ ከም ኤርትራውያን፡ ነቲ ዝዓበየ ስእሊ ዓለምና ናይ ምንባብ ብቕዓትና ኣብ ፖለቲካዊ ንቕሓትና ክብርኽ ክንግደድ ኢና። ብግህሰት ሰብኣውን ሃይማኖታውን መሰላት...ወዘተ እንዳሳበብካ፡ ልኡማት ሓረጋት እንዳኮሓልካ ዝንዛሕ ናይ ሓሶት ስብከት ፡ መበገሲኡን ክሃርሞ ዝደሊ ዕላማን ምልላይ ብልሒ ክሓተና'ዩ።

*ቀንዲ ጸላኢቲ ኤርትራ ግን መን እዮም?*

ኣብቲ ግርህ ኢልካ ተዕልሎ ዕላል እንተኾይኑ፡ ሃገራትን መራሕቲ መንግስታትን እቶም ልዕሊ ዝኾነ ዝስርዑ እዮም። እታ ሕቶ ግን **ቀንዲ** ጸላእትና እያ ትብል ዘላ እሞ እስከ ናብኣ ገጸይ ከድህብ።

ዓለማና ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ መልክዑ እንዳተለዋወጠ ዝኸይድ ስልቲ ሓድሽ መግዛእትነት ካብ ተኣንግድ ዓመታት ምሕላፎም ርዱእ እኳ እንተኾነ፡ ንዝበዝሐ ክፋል ሕ/ሰብ ዓለምና ግን እቲ ኣገባብ ብሩህ ብዘይምንባሩ ( ረቀቕቲ ስልትታት ስለዝተሓወሶ) ኣብ ግህሰት መሰል ደቂ ሰባት ዘስዓቦ ሃስያ መዘና የብሉን። ምኽንያቱ እዚ ሕጂ ኣብ መብዛሕትኤን ሃገራት ንዕዘቦ ዘሎና ሕድሕድ ኹናትን ዕንወትን፡ ቅትለትን፡ ስዒቡ ዝርአ ድኽነትን ዓጸቦን መርኣያ ውጺኢት ናይቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝተኣልመ እከይ ተግባራት ሓድሽ መግዛእትነት ስለዝኾነ። ዕላማ ሓድሽ መግዛእትነት ብቐንዱ ንሃገራት ሳልሳይ ዓለም ወይ ብስም ደቡባዊ ዓለም ዝፍለጣ ሃገራት፡ ብሕልፊ ድማ ንሃገራት ኣፍሪቃ ዝቐንዕ ኮይኑ፡  ዝውንንኦ ባህሪያዊ ጸጋታት ኣብ ትሕቲ ዋንነት ምዕራባውያን ኮይኑ ምእንቲ ክቕጽል፡ ቅልውላው መስሪሕካ፡ ድሕረትን ድኽነትን ሕድሕዳዊ ጎነጽን ኣሳዊርካ፡ ኣህዛብ እዘን ሃገራት ፡ ከይነቕሕን ከይጎርሕን ኣእሙሮኡ ዓጺኻ ከምዝቕጽል ምግባር ዝብል እዩ። ሃንደስቲ ናይዚ ኣዝዩ ስስዔን በለጽን ዝሃይማኖቱ ፍልስፍና ድማ እዞም ሕጂ ንዓለምና ብጎብለልትነት ወተሃደራዊ ምልኪ ጎቢጦም ዘለዉ ብስም ርእሰ ሓያላን ዝፍለጡ ሃገራት እኳ እንተኾኑ፡ ብድሕሪ መጋረጃ እዘን ርእሰ-ሓያላን ኮይኖም ብስውር ንዓለምና ናብ ዝደለይዎ ዘማእዝኑ ግን እቶም ብትራንስ-ናሾናል ወይ ድማ ማልታይ-ናሾናል ተባሂሎም ዝፍለጡ ዓበይቲ ብሕያውያን ኢንተርፕራይዝ ወነንቲ ኩባንያታት እዮም። እዞም ትካላት ኣዝዮም ሃብታማትን ሓያላትን  ስለዝኾኑ ካልእ ይትረፍ ነቲ ፈጻሚ ኣካልን ባይቶን ኣሜሪካ ከይተረፉ ናብ ዝደለይዎም ዘማእዝኑ   ገባብል እዮም። እቲ ዘገርም፡ ኣብ ዓለምና ሰላምን ርግኣትን ፍትሕን ከንግስ ዝተመስረተ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ከይተረፈ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ዘእተዉ፡ ዓለማዊ ባንክን፡ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን፡ ካልኦት ብስም ዘይ-መንግስታውያን ትካላትን ዝቆጻጸሩ፡ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ዓለምና ዝውንኑ ደረተ-ኣልቦ ሃብታማት እዮም። ዝበዝሐ ቁጽሪ ናይዘን ትራንስ-ናሾናል ኮርፐረሽናት እትውንን ሃገር ድማ እታ ኣዝያ ዝሓየለት ሃገር ይገብራ። በዚ መሰረት ኣሜሪካ ልዕሊ ዝኾነት ሃገር ትስራዕ። ረብሓ ናይዘን ኩባንያታት ንምሕላው እዩ እምበኣርከስ እተን ሃገራት ነቲ ፖለቲካዊ መስርሕ መጀመርታ መንጸፍ ዝገብራ። ንኣብነት ኣብ ናይጀሪያ ነዳዲ እትግሕጥ ቢፒ ዝተባህለት ኩባንያ እንተኾይና ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ስለዝኾነ መበቆላ፡ መንግስቲ እንግሊዝ ረብሓ እታ ኩባንያ ዘሳሲ ፖለቲካዊ ቅድመ ኩነት የንጽፍ እሞ እቶም ሰብ ትካል ድማ ነቲ ዝተነጸፈሎም ፖለቲካዊ ባይታ ተጠቂሞም ነቲ ቁጠባዊ ምዝመዛ ስራሕ የካይዱ። ብልሽው መራሒ ዘለዋ ሃገር ብዘይ ቅድመ ኩነት ዝበዝሐ ጸጋታት እታ ሃገር ብዘይ ንሕስያ ይውረስ ማለት'ዩ። ህዝቢ ንብረተይ እንተ ኢሉ ድማ በቶም ሰራዊት ናይታ ትብዝበዝ ዘላ ሃገር ይድቆስ (ኦም ብሓኸላ እዩ እቲ ነገር) ምኽንያቱ እቲ ወተሃደራዊ ሓይሊ ምእዙዝነቱ ነታ ኩባንያ ስለዝኾነ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ወተሃደራት ናይጀሪያ ፡ ናብ ዓሳኽር ናይ ቢፒ ኩባንያ ይልወጡ ማለት እዩ።

ስለዚ ፡ ከምቲ ኣቐድም ኣቢለ ወስ ዘበልክዎ፡ ኤርትራ ወናኒት ናጻ መስመራ ስለዝኾነት ንዝኾነ ትወስዶ ስጉምቲ ንህዝባ ዘርብሕ ክሳብ ዝኾነ፡ “ሕማቕ ናይ ጽቡቕ ኣብነት” ንጎረባብቲ ሃገራት ተባሂላ ድማ ብቐጥታ ግዳይ ናይዞም ስሱዓት ሰብ ረብሓ ይገብራ። ስለዝኾነ እቶም ቀንዲ ጸላእትና እዞም ዝተጠቕሱ ሰብ ትካላት እዮም። መሓውሮም ብዙሕ ስለዝኾነ፡ ብዝተራቐቐ መገዲ እዮም ዘጥቅዑ። ንኣብነት እዞም ብስም ጋዜጠኛታት ምስሊ ኤርትራ ንኸድውኑ ብቐጻሊ ኣብ ጸለመ ተዋፊሮም ዘለዉ ዕሱባት ክፋል ናይዚ መርበብ እዮም። ብስም ግህሰት ሃይማኖት ዝኸሱ ካልኦት ዕሱባት'ውን ኣካል ናዚ መርበብ እዮም። እቲ ዘገርም ኣብ ኣሜሪካ ፡ ኣብ እንግሊዝ  ኣብ ጃፓን ኣብ ቻይና ኣብ ዝሃለዉ ይሃልዉ ብረብሓ ስለዝራኸቡ ዶብ ኣልቦ እዮም።

ስለዚ ኣብ ዓለምና ፍትሒ ዘይኮነ ረብሓ እዩ ዝገዝእ ዘሎ። ኣብ ግብትና ዘምልኽ ረብሓ። ስለዝኾነ ኤርትራ ንረብሓኣ ደው ክትብል መሰላ እዩ። ኤርትራ መሪጻቶ ዘላ መንገዲ በቲ ብዙሓት ከይዶም ዘይተዓወትሉ ቀሊልን ሓጺርን መንገዲ ጥፍኣት ዘይኮነ፡ በቲ ውሑዳት ጥራሕ ከይዶም ዝተዓወትሉ ከቢድን ነዊሕን መንገዲ ምዕባሌ እዩ። ስለዝኾነ ኣብ ጉዕዞኣ ብዙሕ ሓርጎጽጎጽ ከጓንፉ እዩ። ነዚ ሓርፋፍ መንገዲ ንምስጋር ኤርትራ ውፉይ ፖለቲካዊ መሪሕነትን እናሻዕ ክስዋእ ድሉው ዝኾነ ብዲሲፕሊን ዝተሃንጸ ሰራዊትን ብጽፍሩ ጽዒሩ ዝነብር ጭዋ ህዝብን ክሳብ ዝተኸበት ናይ ጊዜ ሕቶ ጥራሕ እዩ እምበር ናይ ግድን እዩ ክትዕወት። ምኽንያቱ፡ ቃልሲ፡ ቃልሲ ቀደምና፡ “ ኣብ ቃልሲ ክትደፍእን ክትድፋእን ዝነበረን ዘሎን እዩ፡ ኣብቲ ናይ ምርብራብ ጊዜ ግን ዓወትና ናይ ግድን እዩ ”!!!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ